# 01

# ሚድያን ምዝባዕ ሓበሬታን




## ርድኢት ኣብ ግጉይን ዝተዛበዐን ሓበሬታታት

*ቡዙሓት ናይ ሻዕት ሓበሬታታት ክልጠፉን ክዘዋወሩን ንርኢ ኢና። ናይዞም ከምዚ ዝበሉ ግጉያትን ዝተዛብዑን ሓበሬታታት ትሕዝቶ ድማ ሓሶት ንብሎ።*

**ኣብ ሞንጎ ክልቲኦም ዘሎ ኣፈላላይ እንታይ?**

ግጉይ ሓበሬታ ብመሰረቱ ሓቃዊ ዘይኮነ ሓበሬታ እንትውዛዕ ዘጋጥም ኮይኑ ግን ድማ ሓሶትነቱ ግዳያት ከየስተብሃሉ ይሓልፍዎ እዮም። እንትፍልም ምውዛዕ ግጉይ ሓበሬታ ጉድኣት ንምብፃሕ ዝዓለመ እካ እንተዘይኮነ ብውፅኢቱ ግን ጉድኣት ከብፅሕ ይክእል እዩ። ሓደ ክውሰድ ዝግበኦ ፅቡቕ ነገር ኣብ ምውዛዕ ግጉይ ሓበሬታ እንተሃልዩ ድማ ከምዚኦም ዝበሉ ሓበሬታታት ብቀሊሉ ጥረ ሓቅታት ብምቅራብ ክስተካከሉን ክእረሙን ዝክእሉ ምካኖም እዩ።

ንኣብነት፦ ናይ ንመብራህቲ ቆፃሪት ዝክፈል ሒሳብ ኣብ ቀረባ እዋን ብዕፅፊ ክውስክ እዩ ዝብል ሓበሬታ ትውዝዕሞ እዚ ንምውዛዕካ እተቕርቦ ምኽንያትካ ድማ ካብ ዓርክይ ሰሚዐ ዝብል እዩ። ግን ድማ ሓቂነት እቲ ዝወዛዕካዮ ሓበሬታ ክተጣልል ኣይትክእልን ሓሶት እውን እዩ።

ዝተዛበዐ ሓበሬታ ብዝኾነ ኣካል ኮነ ተባሂሉ ንምግጋይ ተዓሊሙ ሓቃዊ ዘይኮነ ሓበሬታ እንትውዛዕ ዘጋጥም ኩነት እዩ። እዚ ማለት ሰባት ኮነ ኢሎም ዝተዛበዐ ሓበሬታ እንትውዝዑ ቀንዲ ዕላምኦም በቲ ዝተወዘዐ ሓበሬታ ብቀንዱ ንምግጋይን ጉድኣት ንምብፃሕ እንትሓሰቡን እዩ። ኣብዚ ቀንዲ ክንፈልጦ ዝግበኣና ነገር እንተሃልዩ ድማ ዝተዛብዐ ሓበሬታ ንምስትክካል ኢልካ ድሌትካ ሓቅታት እንተቕረብካ ክትዕርዮ ዘይካል ምካኑ እዩ።

ንኣብነት፦ ኣብ ዝኾነ ኮነ ተባሂሉ ዝተለጠፈ ሓበሬታ ሓደ ምርጫ ዝወዳደር ፖለቲከኛ ኣብ ከባቢካ ዝርከብ ቤት ትምህርቲ ንክዕፃ ይሰርሕ እዩ ዝብል ሓበሬታ ትርኢ. ግን ድማ እቲ ሓበሬታ መሰረት ዘይብሉ ሓሶት እዩ፡ ፡ እቲ ከምዚ ዓይነት ሓበሬታ ለጢፋ ዝወዘዐ ሰብ ከመዚ ዝገብር ዘሎ ብቀንዱ ነቲ ከምዚያ ይገብር ኣሎ ዝበሃል ፖለቲከኛ ኣንፃሩ ምርጫካ ክትገብር እውን ዓሊሙ ይሰርሕ ኣሎ።

### ንምይይጥ ዝኾኑ ሕቶታት

- ኣብ ሞንጎ ግጉይን ዝተዛብዐን ሓበሬታ ዘሎ ኣፈላላይ ብናይ ባዓልካ ቃላት ክትገልፅ ትክእል ዶ?
- ኣብ በዓልካን ማሕበረሰብካን ናይ ሕሶት ሓበሬታ ዘብፅሖም ጉድኣታት ኣብነት ተቕርብ ትክእል ዶ?
- ካብ ሓሶት መን ይርባሕ?
- ንምውጋድ ብኣጋጣሚ ዝላብዕ ዘይሓቃዊ ሓበሬታ ታይ ኣገባባት ክንክተል ንክእል?